## ርሑስ በዓል ልደትን፡ ሰላም ራህዋን ቅሳነትን ዝዓሰሎ ሓድሽ ዓመትን!

እቶም ወያላት ዓሎቕቲ እገዳ ዝበየኑልና፤

ዚዕወቱ'ዩ መሲሉዎም ከድንኑ ኣራእስና፤

ተስፋ ብምቕራጽ ያኢ ከዕርቡ ንያትና።

ግን ብኣንጻሩ'ኳ ደኣ ሃጢርና ሰዊድና።

ድንብርጽኳ'ይበሎም ንጀጋኑ ደቂ ኤረና፤

እነሆ ብኒሕ ይዳዝሙ ብስጡም ሕልና።

ኣብ ዓድን ወጻእን ኮልና ብልቢ ሰሚርና።

ግድን'ዩ ንእገዳ ከነህፍፎ ከም ትኪ ደበና።

ዓመትና'ዩ ዘመንና፡ ዓመት ራህዋ ቅሳነትና።

ናይ ዓለም ሰላም'ዩ እቲ እንኮ ምርጫና።

ወይልሉ ግን ዚትንኪ ነዛ ህያብ ስዉኣትና፤

ጋኔን መኺሩዎ ንገዛእ ቤቱ ኪልወጥ ናብ ዑና።

ርእሰ ምርኮሳ'ዩ ምርጫና ርሂጽና ንልምዓት፡

ንጽበዮ የብልናን ብፍጹም ዘቕርበልና ገዓት።

ኣይባህልናን'ዩ ረድኤት ኣብ ትካቦ ምቀኻማት፤

ሎሚ እንተሸመትና ቡልዶዘር ካተርፒል ክሬናት፤

እንተወሰኽና እኽሊ ዘኺዳ መካይን ትራክተራት፤

ንራህዋ ስለዝጠመትና'ምበር ኣይኮነን ንኹናት።

ዓያሹ ግን እነዉ ተሸሚሞም ኣብ ብረት ምሽማት፤

ዕላማኦም ናበይ ከምዝኾነ'ኳ ቀሊል'ዩ ምግማት፤

*ባህጊ ሰብ ፍሉይ ረብሓ ምምላእ'ዩ ህዝቢ ብምንቛት፤*
*ሓፋሽ ከጥፍኦም ምዃኑ ረሲያሞ ዓይኖም ብምዕማት፤*
*ብጋህዲ'ኮ ኣርእዮምና'ዮም፡ ብቐረባ ኣብ ኵለን ሃገራት፤*
*ምስ ተዋዳእካ ግን ከም ሓለይቲ ይድሕድሑ ኣውያት።*

*ዓመተ ሰላም ራህዋ ይኹን ቅሳነት ንኹሎም ደቂ ኤረ፤*
*ኣብ ውሽጢ ንዝነብሩ ይኹን ወጻኢ ንዝነብሩ ኣሕቢረ፤*
*ኵሉ ጸጽቡቑ'የ ዝምነየልኩም፡ ሰሰናዩ እቲ ዝመቀረ፤*
*ልዕሊ ኹሉ ግን፡ ሙሉእ ጥዕና ንኹሎም እቲ ዝኸበረ።*
*ሓድነትና ብዝያዳ ገጥ ይበል፡ እቲ ንጸላኢ ዘባህረረ፤*
*ጽንዓትና'ውን ከም ቀደሙ ይትረር፡ ልክዕ ከምቲ ዓረ።*
*ዘይወግሕ ለይቲ'ኳ የለን፡ ነጊሁስ ቀትሪ ዘይፈጠረ።*
*ሓደ'ኳ ናብ ብርሃን ዝበጽሐ የለን፡ ጸልማት ከይሰገረ፤*
*መጻኢና ብሩህ'ዩ ብርግጽ፡ ፍረ ጻዕርና'ውን ዝመቀረ።*
*ዓለም ብቕንኢ ኪትዕዘቦ'ያ፡ ዚረኣዩ ኵሉ ምስ ሃረረ።*
*ነዚ ዘይኣምን እንተሎ፡ ብዘይፍላጥ ከምገለ ዝተደናገረ፤*
*ኣጆኻ ንበሎ፡ ሓቦኡ መኺኹዎ ምጅጃው ከይጀመረ።*

*ሕጂውን ወትሩ ዓወት ንሓፋሽ !*

*መትከል ኣስመሮም ሽወደን 12/2111*